



# ደቡብ አፍሪቃዊ ኔልሰን ማንዴላን ኤርትራዊ ብ/ጀነራል ቢተወድ አብርሃን ምልክት ፍትሕን ሕግን እዩም

*ብ. ሓጎስ ዓባይ ብሪጣንያ*

ኣነ ከም ሰብ ነዚ ኣርእስቲ ክሓስቦን ክጽሕፍን ክብገስ ከለኹ ዝሰምዓኒ ሓቦን ሓበንን ወሰን የብሉን። ምእንቲ ምንታይሲ እዞም ክልተ ሰባት ብፍትሒ ኣልቦ ተመሳሳሊ ዕጫ በጺሕዎም ማንዴላ ኣብ መወዳእታ ንህዝቡ ብዝኸፈሉ መስዋእቲ ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ ዓሌታዊ ስርዓት ተናጊፉ ማንዴላ ድማ ብህይወቱ ዋጋ መስዋቲ ቃልሲ ህዝቢ ደብብ ኣፍሪቃ ርእዩን ኣብነታዊ መራሒ ኮይኑ ድማ ናይ ኖቢል ስልማት ተሸሊሙ ልዑል ክብሪ ረኺቡ ይነብር ኣሎ። ናይዞም ክልተ ሰባት ዕላማን ሃረርታ ፍትሕን ሰላምን ዲሞክራስን ስለዝኸነ ተመሳሳሊ ዕላማ ኩይኑ ዝፈላለየሉ ነገር እንተሎ ድማ ግዜን ቦታን ጥራሕ እዩ።

ማንዴላ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ከባቢ ኣሙታታ ዝብሃል ኣብ ትራንስካይ ካብ ሩኹባት ቤተሰብ ተወሊዱ። ማንዴላ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ተማሂሩ ናይ ሕጊ ሰብ ክኸውን ድሌቱ ኒሩ። እንተኾነ እቲ ስርዓት ጸለምቲ ክመሃሩ ይደሊ ሰለዘይነበረን ኣብ ርእሲ ማንዴላውን ብርቱዕ ጸቕጢ ይግበሮ ስለዝነበረ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ትምህርቱ ብመደብ ትምህርቲ ምልእኣኽ ናይ ሕጊ ትምህርቲ ወዲኡ ናብቲ ኣብቲ ግዜ ኣንጻር ፈላላይን ዓሌታውን ወገናውን ስርዓት ኣፓርታይድ ዝግበር ዝነበረ ምንቅስቓስ ኣብ 1942 ምስ ኣፍሪካን ናሽናል ኮንግረስ (ANC) ተጸንቢሩ።

ማንዴላ ኣብ ትሕቲ ኣፍሪካን ናሽናል ኮንግረስ ተወዲቡ ዝነበረ ማሕበር መንእሰያት ንጡፍ ተዋሳኢ ብምኻን ይነጣጠፍ ኒሩ። ኣብቲ ግዜ እቲ መቃልስቱ ምስ ዝነበሩ ከም በዓል ዋልተር ሱሱሉ፡ ኦሊቨር ታምቦ፡ ዊልያም ኮምፖ ዝኣመሉ ምእንቲ መሰልን ማዕርነትን ፍትሕን ንህዝቢ ዝቃለሱ ሰባት ብምኻን ነቲ ቃልሲ ህዝባዊ ክኸውን ካብቶም ዝገበሩ ሓደ ማንዴላ ኒሩ። ማንዴላ ኣብቲ እዋን ድማ ካብ ማሕበር መንእሰይ ናብቲ ኮንግረስ ኣባል ኮይኑ ድሕሪ ምምራጽ ብዝነበሩ ሓያል ንጥፈትን ተቐባልነትን ምክትል ኣቦ መንበር ናይ ኣፍሪካን ናሽናል ኮንግረስ ኮይኑ ተመሪጹ።

ከምዚ ሕጅ ህግደፍ ንናይ ኤርትራ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ምርማስ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ስርዓት ኣፓርታይድውን ኣብ 1955 ስርዓተ ትምህርቲ ባንቱ (Bantu education) ብዝብል ነቲ ወለዶ ዘርሞ ዘርሞ ክገብሮ ዘውጽኦ ፖሊሲ ማንዴላ ካብቲ ብቐንዱ ዝቃወሞ ዝነበረ ጉዳይ ሓደ ኒሩ። ምእንቲ ምንታይሲ ትምህርቲ ናይ ሓንቲ ሃገርን ህዝብን መጻኢ ምዕባለ ዝእንፍትን ስለዝኾነ ስርዓት ኣፓርታይድ ድማ ነቶም ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣዶንቈሩ ንኽገዝእ ዝሓንጸጾ ናይ ባንቱ ስርዓተ ትምህርቲ ብትሪ ተቓዊሞሞ። ስርዓተ ትምህርቲ ባንቱ ንጸለምቲ ዝኸውን ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ካብ ከተማታትን ዓለም ኣብዘይትርእዮ ቦታታት ብምግባር ነቲ ብመንእሰይን ምሁር ኣካልን ክፈጠር ዝኽእል ምንቅስቓሳት ንመጉዕጻጽ ንኽጥዕሞን ካብ ዓለም ንምኽዋሉን ዝተፈጠረ እዩ ኒሩ። ተመሳሳሊ ድማ ስጉምትታት ኣብ ኤርትራ ይርኣይ ኣሎ።

ኣብ 1961 ኩሉ ዝግበር ዝነበረ ሰላማዊ ቃልሲ ተጸንቂቑ ምስ ተወድኣ ብጀካ ብረታዊ ቃልሲ ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይነበረ ብዕጥቃዊ መንገዲ ንምልጋሱ ኣብ ምጉስጓስ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ማንዴላ ካብ ሃገር ብምውጻእ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናይ ኣፍሪቃ ብምኻድ ሓገዝ ብምሕታትን ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ መደረ ብምስማዕ ጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ድሕሪ ምግላጽ ናብ ሃገሩ ኣብ ዝተመለሰሉ ግዜ ብዘይ ፈቓድ ካብ ሃገር ወጺኻ ብምባል ስርዓት ኣፓርታይድ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ የእቲዎ። ስርዓት ህግደፍን ስርዓት ኣፓርታይድን ካብ ዘመሳስሎም ሓደ ባህሪያት ነጻ ምንቅስቓስ ወዲ ሰብ ስለዝዓግቱን ዘይፈቕዱን እዩ። ማንዴላ ኣብ 1964 ስርዓት ኣፓርታይድ ኣብ ዘዳለዎ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን ኣብቲ ዘይርትዓውን ዓሌታውን ቤት ፍርዲ ሓደ ዓብይ ዘረባ ተዛሪቡ እዩ "ኣነ ንናይ ጻዕዱ ላዕላውንት ኣይኮንኩን ዝቃወም ዘለኹ ወይውን ናይ ጸሊም ዓብላልነት ንምፍጣር ኣይኮንኩን ዝቃለስ ዘለኹ እንታይ ድኣስ ምእንቲ ዲሞክራስን፡ ፍትሕን ማዕርነትን ደቂ ሰብ ብሓባር ተፋቂሮም ዝነብሩሉ ኩነታት ንምፍጣር እዩ ነዚ ዕላማ ድማ ሞት ዘድሊ እንተኾይኑ ድልው እየ" ክብል ብትብዓት ገሊጹ።

ማንዴላ እቲ ዝተረፈ ዘመኑ ኣብ ማእከል ባሕሪ ኣብ ትርከብ ሮቤን ኣይላንድ ዝበዝሓ ግዜ ማእሰርቱ የሕሊፍዎ። ማንዴላ ካብ 1961 ስጋብ 1984 ንበይኑ ተነጺሉ ብማእሰርቲ የሕሊፍዎ። ማንዴላ ካብቶም ዝፈትዎም ስድራ ቤቱን ካብቲ ኣዝዩ ዝፈትዎ ዝነበረ ስፖርትን ሙዚቃን ን 27 ዓመት ተሓይሩ። ሕቅን ፍትሕን ድማ ንዘልኣለም ተቐቢሩ ስለዘይተረፍ እቲ ብማንዴላን መቃልስቱን ዝፈጠርዎ ናይ መሰልን ዲሞክራስን ፍትሕን ሕቶ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ተመሊሱ። ንፕሬዝደንትነት ተሓቲቱ ስልጣን ንህዝቢ እዩ፡ ኣነ ናይ ፕሬዝደንትነት ቦታ ኣይሕዝን ኢሉ ዝነበረ ናይ መጀመርያ መራሒ ኣፍሪቃ እዩ። ብመሰረት ጠለብ ህዝቢ ድማ ንኣርባዕተ ዓመት መራሒ ሃገር ኮይኑ ስልጣን ድማ ኣብ ግዜኡ ንህዝቢ ዘረከበ ሰብ እዩ። ከም በዓል ኢሳያስ ዝኣመሰሉ ምልካዊ ስርዓታት ግን ምእንቲ ስልጣኖም ክብሉ ንጹሃት ሰባት ኣብ ጎዳጉድን ኮንቲነራትን ንዓመታት ምእንቲ ብዘይተጻብኦ ኣብ ስልጣን ክጸንሑ ዓቕሚ ኣለዎም ዝብሃሉ ሰባት ክሕይሩ ክጨውዩን ኣስታት 15 ዓመት ሓሊፉ። ካብዚኦም ሓደ ድማ ብርጋዴር ጀነራል ቢተውደድ ኣብርሃ እዩ።

ብርጋዴር ጀነራል ቢተውደድ ኣብርሃ ድማ ከምቲ ኔልሰን ማንዴላ ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራሲን ነጻነት ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪቃ ንነዊሕ ግዜ ዝተቓለሶ፣ ቢተውደድ ድማ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ርእሲ ኤርትራ ወሪዱ ንዝነበረ ናይ

ኢትዮጵያ ጎበጣን ምርጋጹ መሰል ኤርትራውያንን ብምቅዋም በቲ ግዜን ዓቕሙ ዝፈቐዶን አብ ውሽጢ ከተማ ተወዲቡ ክንቀሳቐስ ድሕሪ ምጽናሕ ናብቲ ብብረታዊ ቃልሲ ንነጻነት ኤርትራ ዝግበረ ዝነበረ ቃልሲ አብ 1973 ንሜዳ ከይዱ። ቢተውደድ ንሜዳ ክኸይድ ከሎ ነቶም ዝፈትዎም ቤተሰቡን ልዕሊ ኩሉ ድማ ህይወቱ ንዝፈተዋ ሃገርን ህዝብን ንኸስውእ እዩ ክቃለስ ዝወሰነ። ቢተውደድ ከም ኩሉ ኤርትራዊ ሃንቀውቱኡን ዕላምኡን ንነጻነት እዩ ኒሩ። ቢተውደድ አብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ሰራዊት ስጋብ መራሒ ክፍለ ሰራዊትን አብ ትምህርቲ፣ ስፖርትን ካልእ ንጥፈታትን ስጋብ ነጻነት ኤርትራ ንአስታት 18 ዓመት ተቓሊሱ። እብቲ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፉ ቁልቁልን ዓቐብን ደይቡን ወሪዱን ብቕንዕናን ተወፋይነትን ስጋብ መወዳእታ ካብ ዕላምኡ ክምህ ከይበለ እቲ ዝዓበየ ክፋል ህይወቱ ንህዝቢ ኤርትራ አበርኪቱ።

ብርጋዴር ጀነራል ቢተውደድ አብርሃ አብ ግዜ ቃልሲ ሓደ ምናልባት ዘየስተውዓለሉ ወይውን ምስ ግዜ ክእረም እዩ ኢሉ ዝሓሰቦ ነገር ኒሩ ይኸውን። እዚ ድማ አብ ውሽጢ ብረታዊ ቃልሲ ዲክታተርያዊ ስርዓት ይምዕብልን ይስስንን ምንባሩን ነብሱ ቀቢሩ ነቶም አብ መጻኢ የስግኡኒ እዮም ዝብሎም ሰባት ብሰበብ ኣስባብ ዝቕንጽልን ዘቐንጽልን ዝጨውን ሓደ ሓይሊ ምንባሩ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ዶ ጽባሕ ናጽነት ኮይኑ ደቅና ክመጹና አብ ዝብለሉ ዝነበረ ግዝያት እዚ ሓይሊ እዚ ድማ አብ ውሽጢ ብረታዊ ቃልሲ ሕቡእ ፓርቲ ፈጢሩ ነቶም ብርቱዓት ሰባት ዝብሎም የጥፍእ ከምዝነበረን፡ እዚ ድማ ነቲ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ዲክታተርያዊ ስርዓት የመቻችእ ምንባሩ ዘርኢ እዩ። ህግደፍ ባዕሉ አብ 1994 ዝአመነሉ እዚ ሕቡእ ፓርቲ ብወግዒ ከምዝፈረሰ ሓቢሩ። እቲ ዝገርም ግን እቶም ኩለንተንኦም  አብ ቃልሲ ንናጽነት ወፍዮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ናይዚ ሕቡእ ፓርቲ አብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምንባሩ አፍልጦ አይነበሮምን። እዚ ሕቡእ ፓርቲ ዘድለየሉ ምኽንያት ግን ነቶም አብ መጻኢ የስግኡኒ እዮም ዝብሎም ሰባት ብሰበብ ኣስባብ ዝቕንጽልን ዘቐንጽልን ዝጨውን ሓደ ሓይሊ ምንባሩ እዩ።ብርጋዴል ጀነራል ቢተውደድ አብረሃ ድማ ናይዚ መስርሕ ግዳይ እዩ። ቢተውደድ አብ ትሕቲ ቀይዲ ዝወዓለ አብ ጥቅምት 1991 እዩ። እዚ ድማ ኤርትራ ነጻነታ ካብ ትረክብ አብ ውሽጢ አዋርሕ እዩ። ካብ ዝእሰር ስጋብ እዛ ግዜ እዚኣ ድማ ብትእዛዝ ቢተውደድ ዝተቐትሉ ሰባት ወይውን ዝዓነወ ንብረት ወይ ድማ ጉድኣት ዝተገለጸ የለን። እኳ ድአ መርኣያ ንጽህንኡ አብ 1997 አብ ቅድሚ ሕጊ ከይቀረበ ተፈቲሑ ምንባሩ እዩ። ቢተውደድ ግን አብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓብይ ቦታ ዘለዎ ሰብ እዩ።

ማንዴላን ቢተውደድን ዘመሳስሎም ነገር ምእንቲ ህዝቢ ንመሰልን ፍትሕን ዲሞክራስን ናጽነትን ምቅላሶም ጥራሕ ዘይኮነስ ብጨፍለቕትን ናይ ስልጣን ሱሱዓትን ምእሳሮም እዩ። ብጀካ ናይ ውልቂ ጥቕሞም ረብሓ ሃገር ብዘየቐድሞ ሰባት ፍትሕን ሕግን ብምጥፍኡ ድማ ቢተውደድ ን 18 ዓመት ሃንቀው ዝበለላን ዝተቓለሰላን ነጻነት ከየስተማቐረ ካብ ናጽነት ስጋብ ሕጂ አብ ቤት ማእሰርቲ ይማሰን አሎ።

ማንዴላ አብ ሙሉእ ዓለም ንኸፍለጥ ዝገበሮ ነገር እንተሎ ህዝቢ ደቡብ አፍሪቃ ማእሰርቲ ማንዴላ ብትሪ ይቃወም ብምንባሩን ድምጹ ድማ ንዓለም ይስምዕ ስለዝነበረን እዩ። እንተኸነ ግን ንሕናውን ምእንታና ዝተቓለሰን ምእንቲ ኤርትራ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለን ዓብይ ጅግና ተሓይሩ ብዘይ ፍትሒ እንከሎ ድምጽና ከምቲ ዝድለይ አየስማዕናን። ህዝቢ ደቡብ አፍሪቃ ንማንዴላ አብ

ሰውራዊ መዝሙራቶምን ደርፍታቶምን ምልክት ቃልሶም ብምግባር ዓለም አቃልቦ ክትህቦን ማንዴል ናይቲ ቃልሲ አክሲስ ክምዝኸውን ጊሮም እዮም። ንሕናኸ አብ ዝዳለው ሰላማዊ ሰልፍታት ናይዚ ጀግና ስእልን ስምን እንተልዓልና ናይ ቢተውደድ ብዘይ ፍትሒ ምእሳሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘንጸባርቕሲ አብ ሃገርና ፍትሒን ሕግን ከምዘየለ እውን ነንጸባርቐሉ አጋጣሚ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ህላወ ቢተወደድ ዝረጋገጸሉ መንገዲ ክንፈጥር ይግባእ።ንምንታይሲ ህዝቢ ደቡብ አፍሪቃውን ህልውና ማንዴላ ብተሪር ተቓውሞ እዩ ዘረጋግጽ ኒሩ። ማንዴላ አብ መወዳእታ ፍትሕን መሰልን አረጋጊጹ ቢተወደድ ግን ብህይወት እንተሎ ግና ፍትሕን ድምጺ ህዝቢ ኤርትራን የናድይ አሎ።

***መሰል ሓደ ክድፈር ከሎ ስቕ ምባል መሰል ብዙሓት ንኽደፈር መንገዲ ከም ምጥጣሕ እዩ***

*ብ.ሓጎስ*
*ዓባይ ብሪጣንያ*